ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT

ቁፅሪ 01/ፕሬ/407/2016
Ref.no
ዕለት 06/09/2016
date

ናብ ኩሉን መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ናይ ------------------------------------------------------- ብፅሒት

ናብ ኩሉን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ

ናይ ------------------------------------------------------- ብፅሒት

ኣብ ዘለወአ ፧

**ዋኒኑ፡-** መምርሒ ስርዓት ቑፃርን ምልመላን ሓገዝቲ ዳያኑ ቑፅሪ 3/2016 ምልኣኽ ይምልከት

ኣብ ዋኒኑ ከም ዝተሓበረ መምርሒ ስርዓት ቑፃር፣ ምልመላን መረፃን ሓገዝቲ ዳያኑ ቑፅሪ 3/2016 8 ገፅ ዝሓዘ በዚ መሰነይታ ደብዳበ ዝለኣኽና ምዃንና ንገልፅ ።

" ምስ ሰላምታ "

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

**ቅዳሕ**

- ንቤት ፅሕፈት ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፧
መቐለ

# መእተዊ

ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘለዎን ኩለመደያዊ ዓዕቺ ስራሕን ብሰንኪ ኩናትን ለበዳ ሕማም ኮረና ቫይረስን ንዓመታት ተኣጺሎም ዝፀንሑ መዛግብቲ ብኣግባቡ ንምትእንጋድ ዘኽእለን ሓይሊ ሰብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ እዋን ናብ እዋን እናተመናመነ ብምምፅኡን፤ኣብ ስለጤን ዕሬትን ዕግበትን ተገልገልቲ ዘብፅሖ ዘሎ ኣሉታዊ ዕልዋ ብውነ ብምግንዛብ፣

ኣብ ዕዳጋ ዘለዉ ብሞያ ዳይነት ንምስራሕ ድልየትን ተበገሶን ዘለዎምን ዕድል ዘይረኸቡ ምሩቓት ለብ ሞያ ሕጊ ናብ ስራሕቲ ዳይነት ብምስሓብ ብቐዓልነት ኣብያተ ፍርዲ ብምጥንኻር ኣብ ተበዓሕነት፣ ስለጤን፣ ውዕሊታውነትን ዕሬትን ዘለዎም ግልጋሎታት ዳይነት ምሃብ ስለዘድልን ስለ ዝግባእን፣

ኣብዚ ሕዚ እዋን ከም ክልልን ሃገርን ዘለናሉ ወድዓውን ባዕላውን ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓደሽቲ ምሩቓት ሕጊ ይኹን ኣብ ካልኦት ዓውድታት ዝፀንሑ ናብ ሞያ ዳይነት ክፅምበሩ ዝደልዩ ለብ ሞያ ሕጊ ናብ ስሩዕ ሹመት ዳይነት ንምስሓብን ዕድላት ንምስፋሕ ብምዕላም ፤

ብመሰረት ሕገመንግስቲ ፈ.ዴ.ሪ.ኢን ሕገመንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዝኾነ ሰብ ብፍርዲ ክውሰን ዝግብኦ ዋኒን ናብ ቤት ፍርዲ ወይ ካሊእ ብሕጊ ስልጣን ዳይነት ዝተውሃቦ ኣካል ናይ ምቕራብን ውሳነ ወይ ፍርዲ ናይ ምርካብ መሰል ከም ዘለዎ ተሓጊጉ ስለዝርከብን፣ ብምኽንያት ፍልለት ዳያኑ ዘጋጥም ፀገም ሽፋን ፍትሒ ንምቅላል ብምሕሳብ፤

ኣብ ምርግጋፅ ስለጤን፣ ውዕሊታውነትን ሽፋን ፍትሕን ልዑል እጃም ዝዓወቱ ሓገዝቲ ዳያኑ ዘድለየን መጋባእያታት ብመፅናዕቲ ብምንዓር ዓዕቺ ስራሕ ዳያኑ ንምቅላልን ኣፈ.ዓፅማ ስራሕቲ ዳይነት ብምድጋፍን ድልዱል ስርዓት ዳይነት ንምህናፅ ዝሕግዙ ሓገዝቲ ዳያኑ ምቑዓር ኣድላይነቱ ስለዝተኣመነሉ፣ሓገዝቲ ዳያኑ መልሚልካ ንምቑዓር ዘድልዩ ረቋሕታት፣ደረት ስልጣን፣ ተግባር ሓላፍነትን ከምኡ ድማ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ተሓታትነትን ሓገዝቲ ዳያኑ ግልፂ ብዝኾነ ሕጊ ምሕጋግ ኣድላዪ ብምኳኑ፣ ብመሰረት ኣወዳድባ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓ.ም ዓንቀፅ 2(6)ን 42ን ስርዓት ምልመላን መረፃን ሓገዝቲ ዳያኑ ንምውሳን ዘኽእል መምርሒ ተዳሊዉ ኣሎ።



# ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ሕጋገታት

### ዓንቀፅ 1

### ሓጺር ርእሲ

እዚ መምርሒ መምርሒ ስርዓት ቑፃር፣ ምልመላን መረፃን ሓገዝቲ ዳያኑ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ መምርሒ ቑፅሪ 3/2016 ዓ.ም ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

### ዓንቀፅ 2

### ትርጉም

ኣብዚ መምርሒ፡-

1. **ሓጋዚ ዳይና** ማለት ምስ ሓደ ወይ ካብ ሓዳ ንላዕሊ ዳይና ኮይኑ ኣብ መጋባእያ ንዳይና ንምሕጋዝ ዝምደብን ኣብ ትሕቲ ክትትል ዳይና ኮይኑ ክሕግዝ ብጉባኤ ዝሸየም በዓልሞያ ሕጊ እዩ።

2. **ብሕጊ ቐዳማይ ዲግሪ** ማለት ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ብምርካብ ዘኽእል ትምህርቲ ብምጥንቃቕን ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (exit exam) ካብ ዝጀመረሉ ግዘ ድማ እዚ ፈተና ብምሕላፍን ዝርከብ ብርኪ ትምህርቲ እዩ።

3. **ጉባኤ** ማለት ብመሰረት ኣወዳድባ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 333/2012 ዓ.ም ብብርኪ ክልል ዝተጣየሸ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

4. **በዓል ሞያ ሕጊ** ማለት ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ ብሞያ ሕጊ ሰልጢኑ እንተነኣሰ ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎ እዩ።

5. **ላዕለዋይ ሓላፊ** ማለት ከከም ኩነታቱ ናይ መጋባእያ ዳይና ወይ ፕሬዝዳንት ወይ ምኽትል ፕሬዝዳንት ወይ መተሓባበሪ ክኸውን ይኽእል።

## ዓንቀፅ 3

## ወሰን ተፈፃምነት

እዚ መምርሒ ኣብ መላእ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመዲቦም ንዝሰርሑ ሓገዝቲ ዳያኑ ተፈፃምነት ይህልዎ፡፡

## ዓንቀፅ 4

## ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገልፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዘገልግል እዩ፡፡

## ክፍሊ ክልተ

## መሰረታዊ መትከላትን ሹመትን ሓገዝቲ ዳያኑ

## ዓንቀፅ 5

## መሰረታዊ መትከላት

1. ኣብ ወረዳ ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ንዳያኑ ዝኽፈሉ መበገሲ መሃያን ሕጋዊ ጥቕማ ጥቕምታት ንሓገዝቲ ዳያኑ ወረዳ ቤትፍርዲ ሓዊሱ ተፈፃምነት ይህልዎም ፡፡
2. ኣብ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ዝምደቡ ሓገዝቲ ዳያኑ ዝኽፈል መበገሲ መሃያን ጥቕማ ጥቕምታት ብጉባኤ ተፀኒዑ ኣብ ቀፃሊ ዝውሰን ይኸውን ፡፡
3. ኣብ ደንቢ መተሓዳደርን ስነምግባርን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤ 2012 ዓ.ም ዝተሓገጉ መሰረታዊ መትከላት ስነምግባር ፣ኣቀራረባ ክስን መልስን፣ ጉድለት ስነምግባርን ዘስዕቦ ውዕኢትን፣ ይርጋዕ ዘበን መቕረቢ ክሲ ኣወሳስናን ኣፈፃፅማ መቕፃዕትን ብተመሳሳሊ መልክዑ ንሓገዝቲ ዳያኑ ኣመልኪቶም ተፈፃምነት ይህልዎም፡፡
4. ኣብ ደንቢ መተሓዳደርን ስነምግባርን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤ 2012 ዓ.ም ካብ ዓንቀፅ 37 ክሳብ 43 ዝተሓገጉ ምኽንያታት ምቁራፅ ስራሕን ምስኦም ዝተተሓሓዙ ስነ ስርዓትን ውፅኢታትን ንሓጋዚ ዳይና ተፈፃምነት ይህልዎም፡፡
5. ኣብ መምርሒ ኣፈፃፅማ ምልመላን መረፃን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ቑፅሪ 10/2009 ዓ.ም ካብ ዝተቐመጠ ውፅኢት ብታሕቲ ምርካብ ወይ ድማ ዝምልከቶ ኣካል ቤት ፍርዲ በቢእዋኑ ብዝገበሩ ዳህሳሳትን ዝቕፀሮም ዳይናን ዝረጋገፀ ትሑት ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ምርካብ ርኡይ ምንኣስ ሞያን ብቕዓትን ተገይሩ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡

5. ኣብ ደንቢ መተሓዳደርን ስነምግባርን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤ 2012 ዓ.ም ዝተሓገጉ መትከላት ግዝያዊ ምደባን ዝውውርን ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ሞንጎ ሓገዝቲ ዳያኑ ብዝግበር ውድድር ተፈፃምነት ክህልዎም ይግበር።

**ዓንቀፅ 6:- ንሹመት ሓጋዚ ዳይና ቤት ፍርዲ ወረዳ ዘብቅዑ ረቋሕታት**

እዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት ዘማልእ በዓል ሞያ ሕጊ ተወዳዲሩ ንስራሕ ሓጋዚ ዳይነት ወረዳ ቤት ፍርዲ ብጉባኤ ክሸየም ይኽእል:-

**ሀ.** ኢትዮጵያዊ ዝኾነ፣

ለ. ብሞያ ዳይነት ንምስራሕ ፍቃደኛ ዝኾነ፣

ሐ . ዕድሚኡ ካብ 22 ዓመት ዘይንእስ፣

መ. ንሕገ መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ተኣማኒ ዝኾነ፣

ረ . ቋንቋ ስራሕ እዚ ክልል ብዝግባእ ዝፈልጥ፣

ስ. ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ንምርካብ ዘኽእል ትምህርቲ ብምጥንቃቕን ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ ዝጀመረሉ ግዘ ድማ እዚ ፈተና ዝሓለፈን፣

ሽ. ዕቡቅ ስነ ምግባር ከም ዘለዎ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል፣

ቀ. ንስርሑ ዘዐንቅፍ ፀገም ጥዕና ዘይብሉ ምኳኑ መረዳእታ ዘቕርብ፣

ቐ. ካብ ዝተፈላለዩ መዐወኒ እፃትን ካልኦት መነወሪ ተግባራትን ናፃ ዝኾነ፣

በ. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነን ኣባል እንተነይሩ ድማ መልቀቒ ሒዙ ዝቐርበን፣

ተ. ብከቢድ ገበን ተቐፂዑ ዘይፈልጥ ወይ ብቀሊል ገበን ተቐፂዑ እንተነይሩ እውን ዝተሰየመ ምኳኑ መረዳእታ ዘቕርበን

ቸ. ብፍሉይ ኩነታት ንዝምልከቶም ዝውሃብ 5 መተባብዒ ነጥቢ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ፅሑፍ ፈተና ወሲዱ ብውሕዱ 50 ነጥቢ ካብ 100 ዝረኸበን

**ዓንቀፅ 7:- ንሹመት ሓጋዚ ዳይና ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዘብቅዑ ረቋሕታት**

እዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት ዘማልእ በዓል ሞያ ሕጊ ተወዳዲሩ ንስራሕ ሓጋዚ ዳይነት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብጉባኤ ክሸየም ይኽእል:-

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ሀ. ኢትዮጵያዊ ዝኾነ፣

ለ. ብሞያ ዳይነት ንምስራሕ ፍቃደኛ ዝኾነ፣

ሐ . ዕድሚኡ ካብ 25 ዓመት ዘይንእስ፣

መ. ንሕገ መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ተኣማኒ ዝኾነ፣

ረ . ቋንቋ ስራሕ እዚ ክልል ብዝግባእ ዝፈልጥ፣

ሰ. ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ንምርካብ ዝኽእል ትምህርቲ ብምጥንቓቕን ሃገራዊ መልቐቒ ፈተና ካብ ዝጀመረሉ ግዘ ድማ እዚ ፈተና ዝሓለፈን፣

ሸ. ዕቡቅ ስነ ምግባር ከም ዘለዎ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል፣

ቀ. ንስርሑ ዘዐንቅፍ ፀገም ጥዕና ዘይብሉ ምኺኑ መረዳእታ ዘቕርብ፣

ቐ. ካብ ዝተፈላለዩ መዐወኒ እፃትን ካልኦት መነወሪ ተግባራትን ናፃ ዝኮነ፣

በ. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነ፣ኣባል እንተነይሩ ድማ መልቀቒ ሓዚዙ ዝቐርበን፣

ተ. ብከቢድ ገበን ተቐፂዑ ዘይፈልጥ ወይ ብቀሊል ገበን ተቀፂዑ እንተነይሩ እውን ዝተሰየመ ምኺኑ መረዳእታ ዘቕርብን

ቸ. ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ እንተንኣሰ 4 ዓመት ፣ብሕጊ ካልኣይ ዲግሪ ዝሓዘ 2 ዓመት ብሕጊ ሳልሳይ ዲግሪ ዝሓዘ ድማ 1 ዓመት ብሞያ ሕጊ ዘገልገለን።

ኘ. ብፍሉይ ኩነታት ንዝምከልቶም ዝውሃብ 5 መተባብዒ ነጥቢ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ፅሑፍ ፈተና ወሲዱ ብውሕዱ 50 ነጥቢ ካብ 100 ዝረኸበን

**ዓንቀፅ 8:- ንሹመት ሓጋዚ ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዘብቅዑ ረቋሕታት**

እዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት ዘማልእ በዓል ሞያ ሕጊ ተወዳዲሩ ንስራሕ ሓጋዚ ዳይነት ወረዳ ቤት ፍርዲ ብጉባኤ ክሸየም ይኽእል:-

ሀ. ኢትዮጵያዊ ዝኾነ፣

ለ. ብሞያ ዳይነት ንምስራሕ ፍቃደኛ ዝኾነ፣

ሐ . ዕድሚኡ ካብ 25 ዓመት ዘይንእስ፣

መ. ንሕገ መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ተኣማኒ ዝኾነ፣

ረ . ቋንቋ ስራሕ እዚ ክልል ብዝግባእ ዝፈልጥ፣

ሰ. ኣብ ሳዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ንምርካብ ዘኽእል ትምህርቲ ብምጥንቃቕን ሃገራዊ መልቐቒ ፈተና ካብ ዝጀመረሉ ግዜ ድማ እዚ ፈተና ዝሓለፈን፣

ሸ. ፅቡቅ ስነ ምግባር ከም ዘለዎ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል፣

ቀ. ንስርሑ ዘዐንቅፍ ፀገም ጥዕና ዘይብሉ ምኻኑ መረዳእታ ዘቕርብ፣

ቐ. ካብ ዝተፈላለዩ መዐወኒ እፃትን ካልኦት መነወሪ ተግባራትን ናፃ ዝኾነ፣

በ. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነ፣ኣባል እንተነይሩ ድማ መልቀቒ ሒዙ ዝቐርበን፣

ተ. ብከቢድ ገበን ተቐፂዑ ዘይፈልጥ ወይ ብቀሊል ገበን ተቀፂዑ እንተነይሩ እውን ዝተሰየመ ምኻኑ መረዳእታ ዘቕርብን፣

ቸ. ብሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ እንትንኣሰ 5 ዓመት ፤ብሕጊ ካልኣይ ዲግሪ ዝሓዘ 3 ዓመት ብሕጊ ሳልሳይ ዲግሪ ዝሓዘ ድማ 2 ዓመት ብሞያ ሕጊ ዘገልገለን

ነ. ብፍሉይ ኩነታት ንዝምከልቶም ዝውሃብ 5 መተባብዒ ነጥቢ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ፅሑፍ ፈተና ወሲዱ ብውሕዱ 50 ነጥቢ ካብ 100 ዝረኸበን

## ዓንቀፅ 9:- ደረት ስራሕን ሓላፍነትን ሓጋዚ ዳይና

በብብርኩ ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ ዝምደብ ሓጋዚ ዳይና ኣብዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ዳይነት ምስ ስሩዓት ዳያኑ ኮይኑ ክሕግዝ ይግበር።

9.1 ኣብ ገበናዊ ወይ ፍትሃብሄራዊ ዋኒናት ስራሕቲ ምስማዕ ቅድመ ክሲ ምትግባርን ምምሕዳር ስነስርዓትን ኣወዳድባን ዋኒናት፣

9.2 ስራሕቲ ዳይነትን ተግባራትን ንምሕጋዝ ምስ መዝገብ ዝቐርቡ መርትዖታት ፀሚቖን መርሚሩን ክትዕ ዝግበረሎምን መስኻኽር ዝስምዐሉ ፍረነገር ምፍላይን ኣግባብነት ምስ ዘለዎ ሕጊ ብምዝማድ፣ ጭብጢ ምፍላይ፣ ትሕዝቶ መዝገብ ንዳይና ፈሊኻ ምርዳእ፣

9.3 ረቂቓት ትእዛዛት፣ ብይናት፣ ፍርድን ውሳነን ብምድላውን ፍርዲ ብምፅሓፍ ንዳይና ምሕጋዝ፣

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

9.4 ዝኾነ ዓይነት ክትዕ ዘየልዕሉ ዝተረጋገፁ መዛግብቲ ብመሰረት ዳይና ብዝህቦ ኣንፈት መሰረት ትእዛዛት ምሃብ፣

9.5 ናይ መጋባእያ ዳይና ብብቑዕን መእመናይን ምኽንያት ኣብ ዘይስየመሉ ግዘ ምስ ቆፀሮ መጋባእያ ዝስማዕማዕ ቆፀሮ ንተገልገልቲ ምሃብ፣

9.6 ንስርዓት ዳይነት ጠቓምቲ ዝኾኑ መፅናዕትታት ብምክያድ ኣካላት ዳይነት ቕልጣፈን ውፅኢታውነትን ዘለዎ ፍትሒ ክህቡ ምሕጋዝን መበገሲ ምኽረ ሓሳብ ምቕራብን፣

9.7 ዕለታዊ ትልሚ ናይቲ መጋባእያ ዳይና ምድላውን ምስ ዳይና በብዕለቱ ናብ መጋባእያ ብምእታው ኣድላዪ ዘበለ ደገፍ ምግባር፣

9.8 ተወሳኺ ደገፍ ንቤትፍርድን ስርዓት ፍትሕን ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ክውሃብ ብምግባር ዝተፈላለዩ ተግበራት ይትግብር፣

9.9 ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝውሃቡ ተወሰኽቲ ተግባራት ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 10

## ተግባርን ሓላፍነትን ላዕለዋይ ሓላፊ

10.1 ዋና ዳይና ሓጋዚ ዳይና ዝፅሕፎም ውሳነን ፍርድን ሓደሽቲ ሕግታትን ኣዋጃትን ብምምልካት ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታትን ኣዋጃትን ከም ዝተጠቐሱ ምዕራይ፣ ስልቲ ኣፀሓሕፋ ፍርዲ ብስታንዳርድ ከም ዝተፀሓፈ ብምርግጋፅ ይፍርም፣

10.2 ዋና ዳይና ኣብ ዓንቀፅ 11 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ብዝተቐመጠ ኣገባብ መሰረት ንሓጋዚ ዳይና ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ይመልእ።

10.3 ካልኣት ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ ተግባራትን ግቡኣትን ሓገዝቲ ዳያኑ ምፍፃሞም ይከታተል፤ ኣብ ትሕቲኡ ንዝሰርሑ ሓገዝቲ ዳያኑ ድማ የብቅዕን።

10.4 ፕሬዝዳንት ውይ ምክትል ፕሬዝዳንት ወይ መተሓባበሪ ኣብ ዓንቀፅ 11 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ብዝተቐመጠ ኣገባብ መሰረት ስነምግባራዊ መዐቀኒ ንሓጋዚ ዳይና ኣመልኪቱ ይከታተልን ነጥቢ ይመልእን።

## ዓንቀፅ 11

## ስሩዕ ሹመት ዳይነትን ፃንሒት ግዘ ሓጋዚ ዳይና

10.1 ብመሰረት እዙይ መምርሒ ዝተመደቡ ሓገዝቲ ዳያኑ ወረዳ ቤትፍርዲ ካብ 6 ወርሒ ዘይንእስ ግልጋሎት ሓጋዚ ዳይነት እንድሕር ኣማሊኦም ብቐጥታ ናብ ስሩዕ ዳይነት ቀሪቦም ክሽየሙ ይኽእሉ።

10.2 ኣብዚ ዓንቀፅ ናብ ስሩዕ ዳይነት ዝሽየም ሓጋዚ ዳይና ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሑ ኣብቲ ዝሰርሐሉ ብርኪ ቤት ፍርዲ ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝምላእ ብርኪ ትምህርቲ ካብ 10፣ ስነምግባር 20፣ ዕሬት ማህደር ካብ 5፣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ካብ 50፣ ስራሕ ልምዲ ድማ ካብ 15 ነጥቢ ተሓሲቡ ዝምላእ ኮይኑ ብድምሩ 75 ነጥቢ ካብ 100 ኣዕጋቢ ውፅኢት ዝረኸበ ጥራሕ ንሹመት ዝምልመል ይኸውን።

## ዓንቀፅ 12

## ተፀዋዕነት

12.1. ሓጋዚ ዳይና ተፅዋዕነቱ ንጉባኤ ይኸውን።

12.2. ጉባኤ ኣብ ዋኒናት ጉድለት ስነምግባር ኣመልኪቱ ዘሕልፎም ውሳነታት ናይ መወዳእታን ገዛእትን ይኾኑ።

## ዓንቀፅ 13

## ምምሕያሽ መምርሒ

እዚ መምርሒ ይኹን ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ሕጋገታት ክከም ኣድላይነቶም እናተገምገሙ ብጉባኤ ክመሓየሹ ይኽእሉ እዮም።

## ዓንቀፅ 14

## እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ መምርሒ ብጉባኤ ፀዲቑ ብኣካቢ ጉባኤ ተፈሪሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 30 /08/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ፀጋይ ብርሃነ ገብረተኽለ (ዶ/ር)**

ፕሬዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ኣካቢ ጉባኤን

**መቐለ**

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ